

# 20 ሰነ

# ናይ ፋሺስቲ መዓልቲ

ሃይለ መንገሻ ዑቕበ
ቶሮንቶ፣ ካናዳ

ጁን 6፣ 2020

ኣብ ላዕሊ ኣቕሪበልኩም ዘለኹ ጸሊምን ጻዕዳን ፎቶ፣ ኣብ መይ 24፣ 1991፣ መላእ ኤርትራ ድሕሪ ምሕራራ፣ ፋሺስት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ 20 ሰነ፣ ኣብ ኣስመራ ብዕሊ እግሩ ዝረገጸላ ቀዳመይቲ መዓልቲ ዝተሳእላ ናይ ኣርካይቭ ፎቶ'ያ።

ኢሳያስ፣ ኣብ መይ 29-30፣ 1991፣ ኣብ ናይ ሰላም ኮንፈረንስ፣ ለንደን ብሪጣንያ፣ ምስ (ኣሜሪካዊ ኣምባሳደር) ሄርማን  ኮህን፣ መለስ ዜናዊ (ርእሰ TPLF) ከምኡ'ውን ለንጮ ለታ (ርእሰ OLF) ኣብቲ ኮንፈረንስ ተሳቲፉ ነበረ።

ኣብቲ ኮንፈረንስ፣ ኢሳያስ ምስ ለንጮ ናይ OLF ውዲት ኣሊሙ፣ ከተግብሮ ዝፈተነ ሸፈጥ ኣብ ልዕሊ እማመ መሰጋገሪ መንግስቲ ኣብ ኢትዮጵያ፣ ብሄርማን  ኮህን ስለዝተገጠመ፣ ኮህን ንሓሳባት ኢሳያስን ለንጮን ንጎኒ ወጊድ ኢሉ፣ ንመለስ ዜናዊ ቻምፒዮና ናይ ኣራት ሸሊሙ፣ ነቲ ኮንፈረንስ ዲስ ሚስ በሎ።



ናይ ሰላም ኮንፈረንስ፡ ለንደን ዓባይ ብሪጣንያ

መይ 29-30፡ 1991። 1. ኩርኩር ትሩፋ ለንጮ ለታ (ናይ OLF) 2. ትሩፋ ኢሳያስ ኣፈወርቂ (ናይ EPLF) 3. ሄርማን ኮሀን (ኣሜሪካዊ ኣምባሳደር) 4. መለስ ዜናዊ (ናይ EPRDF) 5. ጽሓፊ ናይ ኮሀን።

መለስ ዜናዊ፡ ንጽባሒቱ ቶሎ ኢሉ ኣብ መይ 31፡ ብመንገዲ ካርቱም ናብ ትግራዩ ደበኽ በለ።

ኣብታ ውዕይቲ ህሞት፡ ሄርማን ኮሀን ንመለስ ዜናዊ ንዓርሱ ብቻ ቻምፒዮና ናይ ኣራት ኪሎ ጌሩ ስለዝባረኾ፡ ኢሳያስ ኣዚዩ ተቖጥዐ። ብድሕሪኡ ኢሳያስ ናበይ ኣበለ?

> "ዳግም ናይ ውድባት ሓሸውየ ከምዘየለን ንህዝቢ ብቕሉዕ ይኹን ጉልባብ ናይ ምክፍፋል ስልትታት ምጥቃስ ከቢድ ገበን ከምዝቑጸር ግን ክዝንጋዕ ኣይግባእን።"
>
> ኢሳያስ ኣፈወርቂ
> 20 ሰነ፣ 1991፣ መዓልቲ ፋሺስቲ
> ኣስመራ

ህዝቢ ኤርትራ፣ ኣብ ጁን 1፣ ዕልልትኡ ብጓይላን ስዕስዒትን ምግላጽ ይቕጽሎ ነበረ። ሽም ንህቢ ግን ንመዓልታት ኣረ ንሰሙናት ኣብ ማእከል ንህቡ ኣይነበረን።

ኢሳያስ፣ ካብ ጁን 1 ክሳዕ ጁን 19፣ ሽታትኡ ኣብ ኤርትራ ሃጢሙ ነበረ። ምኽንያቱ ናቱ ማይ ዘይጠዓሙ ቦዲጋርድስ መባእታዊ ስልጠና ወሲዶም ንስራሕ ዝግጁ ኣይነበሩን። ኢሳያስ ብዘይንሶም፣ ግርህ ኢሉ ንኣስመራ ኣብ ዝኾነ ዕለት ደበኽ ክብል ኣይደለየን።

ኢሳያስ፣ ኣሸምባይ'ዶ ኣብ ኣስመራ ኣብታ ማሙቐይ ዝብላ ሳሕል ከይተረፈ ሃንደፍ ኢሉ ናብ መንጎ እኩባን ተጋደልቲ ወይ

መሪሕነት ናይ ህዝባዊ ግንባር ዝሕወስ ኣይነበረ። ኣብ ጉዳይ ሂወቱ ብጣዕሚ ጥንቁቕ ሰብ ነበረ።

ኢሳያስ፣ ነቶም መባእታዊ ስልጠና ዝወሰዱ ቦዲጋርድስ ብመጠኑ ንስራሕ ድሉዋት ምስኮኑ፣ ኤርትራ ድሕሪ ምሕራራ ቅንይ ኢሉ፣ ንፈለማ ግዜ ኣብ ሰነ 19፣ ኣብ ኣስመራ ተቐልቀለ። ሰነ ማለት ጁን ማለት'ዩ።

20 ሰነ ንጽባሒቱ፣ ኢሳያስ መዓልቲ ፋሽስቲ ክትከውን፣ ብተግባሩ ባረኻ። "ዳግም ናይ ውድባት ሓሸውየ ከምዘየለ ክዝንጋዕ ኣይግባእን።" ዝብል ታሪኻዊ ፋሺስታዊ ነጋሪት ደሰቖ። ብዕሊ ድማኒ ናይ ሳጥናኤል ፋሺስታዊ ሕጊ፣ ኣብ ከውሒ ቀረጸ።

"ዳግም ናይ ውድባት ሓሸውየ የለን" ዝበሎ፣ ነቶም ሓርበኛታት ተጋደልትን ናይ ሓፋሽ ማሕበራትን ናይ ELF, ELF-PLF, Demhae, Sewrawi Bayto, Sagem (Betn) ወዘተረፈ ኮታስ ንኹሎም ሓድግታት ናይ ጀብሃ ከም ዝኾነ፣ ንሕና'ውን ንሕልፈትና ክንዝንግዖ የብልናን።




**20 ሰነ፡ ናይ ፋሺስቲ መዓልቲ ዝሰነደት ናይ ኣርካይቭ መጽሄት ሳግም፡ ቅጺ 3፡ ቁ 5፡ ሰነ-ሓምለ 1991።**

# ቃል ውድብ

## ብዋና ጸሓፊ ህግ. ብጸይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ

**ዝኸበርኩም ወለዲ**
**ዝኸበርኩም ኣሕዋትን ኣሓትን**
**ዝኸበርኩም ኣጋይሽን ዕዱማትን**

ኣብዚ ሕልሚ'ምበር ጋህዲ ዘይመስል ናይ ጅግና ህዝቢ ኤርትራን ፈተውቱን ናይ ፍስሃን ደስታን ቅንያት: ኣብ መንጎኹም ተረኺበ ብስም ህ.ግ.ሓ.ኤ. ደጊመ እንቋዕ ኣብዚ ኣብጽሓና ክብል ዝስምዓኒ ሓጎስ ደረት የብሉን።

**ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን**

ቅድሚ ናብ ሕመረት ኣርእስቲ ናይቲ ዘቕርቦ ቃል ምእታወይ: ብሓደ ኣገዳሲ ሓበሬታን መዘኻኸርን ክጅምር ኣፍቅዱለይ። እዚ እንሓልፎ ዘለና: ንህዝቢ ኤርትራ ባብ ቅሳነትን ራህዋን ዝኸሰተ ኩነታት: ፍረ መዘና ዘይብሉ ጅግንነትን ክዙር መስዋእትን ኢዩ። ነቶም ኣብ ሜዳ ጅግንነት ህይወቶም ወፍዮም ዝወደቑ ልዕሊ 50,000 ሓርበኛታት: ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ደኺን ብቓጻ ዝተረሸኑ ወይ ዝተሓንቁ ኣሽሓት: ብፖሊሲታት ሕሩር መግዛእቲ ዝተቐትሉ ዓሰርተታት ኣሽሓት: እንተላይ እቶም ኣስታት 10,000 ኣካሎም ጎዲሎም ወይ ሰንኪሎም ብህይወቶም ዝተረፉ ጀጋኑ ክኣ ልዑል ምስጋናን ሞጎስን ይግባእ።

ህዝቢ ኤርትራ: ንጀጋኑ ስዉኣቱ: ብሃገር ደረጃ ኣብ ነፍስ ወከፍ ዓድን ነፍስ ወከፍ ስድራቤትን ሓወልቲ ክሃንጽን መዘከርታ ክገብርን መዓልቲ ስዉኣት ከም ሃገራዊ በዓል ክኽብር: ንስድራቤቶምን ደቆምን ክኸሕስን ክናብን ሓላፍነቱ ከልዕል ከኣ በዚ ኣጋጣሚ'ዚ ክተሓሳሰብ እፈቱ።

ህይወቶም ዝወፈዩ ስዉኣትና ልዕሊን ቅድሚ ኩሉን ዝሰርዑ ደኹን እምበር: ብግፍዒ መግዛእቲ ዝተሳቐየ: ዝተመዛበለን ዝተሰደን ህዝብና ዝተኸፍለ መስዋእቲ'ውን ኣብ ታሪኽና መሰታ ስለዘይርከቦ: ዋጋን መቑረትን ናይዚ ረኺብናዮ ዘለና ዓቢ ሓጎስ ኣብ ኣእምሮ ነፍስ ወከፍናን መጻኢ ወለዶታትን ሰሪጹ ክነብርን ንመጻኢ ዕድልና ዝሃንጽ መንፈሳዊ መብጽዓ ክኸውንን ይግባእ ኢዩ።

**ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን**

ህዝቢ ኤርትራ: ምስ ናይ እቲ ተኸታታልን ሓያልን ተጻብኦታት: ኣብ ርእሱ ብምትእምማን: ብድሩት ዓቕምታቱ ነቲ ብዘይ ድሌቱ ዝተበየነሉ ዘይሕጋዊ መግዛእታዊ ምቕራን ንኣስታት ኣርብዓ ዓመታት: 30 ካብኡ ብመሪር ብረታዊ ቃልሲ: ካብ ኣርዑትን መቑሕን ተላቒቑ ሓርነቱ ብምርግጋጹ ኣብ ሓድሽ ታሪኻዊ ምዕራፍ ኣትዩ ኣሎ።

ቅድሚ ሓድሽ ጉዕዞ ምጅማሩ: መቀራረብን መሰጋገርን መድረኽ ክሕለፍ ናይ ግድን ስለዝኾነ ከኣ: ህ.ግ.ሓ.ኤ. ተልእኾኡ ኣማሊኡ ምእንቲ ክብቅዕ ግዜያዊ መንግስቲ ኣዊጁ ቀይስዎም ንዘሎ ቀንዲ እዋናዊ ዕማማት ኣሕጺረ ክዝርዝር ኣፍቅዱለይ።

ህዝቢ ኤርትራ: ፍትሓዊ መሰሉ ንርእሰ ውሳኔ ብተባዕ ቃልሲ ገሊጽዎን ኣረጋጊጽዎን እኳ እንተኾነ: ሕጋዊ መዘዞሚ ክገብረሉ ዝግበኦን ጉሲኽ ዘይሕለፍን ዕማም ኢዩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ. ነዚ ሓቂ'ዚ ብምግንዛብ: ቅድሚ 10 ዓመታት ብ1980 ዓ.ም. ዝኣወጆ ናይ ረፈረንደም መስርሕ ምጥቕላል ሓደ ካብ ዕማማቱ ጌርዎ ኣሎ። እቲ ናብ ሕጋዊ መዘዘሚ ዘብጽሕ መሰጋገሪ ግዜ እቲ ዝግባእ ምቅርራብን ስራሕን ምእንቲ ክካየደሉ በቲ ሓደ ወገን: ኣብ ኢትዮጵያ ምርግጋጽ ሰላምን ደሞክራሲን ምእንቲ ክሰፍን ንምሕጋዝን ንናይ ከባቢና ሰላምን ምርግጋእን ዘበርክት ምእንቲ ክኸውን እውን በቲ ካልእ ረፈረንደም ኣብ ውሽጢ ክልተ ዓመታት ክትግበር ኣሚሙ ኣሎ። ኣብ ውሽጢ እዚ ክልተ ዓመት'ዚ እቲ መስርሕ ንክይተዓናቐፍ: ብኽቡድ መስዋእቲ ዝተረኽበ ሓርነት ንክዕቀብ: ኩሉ'ቲ ዝድለን ዝሕተትን ምክልኻል ንኽገብር: ህ.ግ.ሓ.ኤ. ሓደ ካብ መቐጸልታ መብጽዓታቱ ወሲድዎ ኣሎ።

**ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን**

ኣብዚ ዝሓለፈ መሪር ዘመነ-ሓርነታዊ ቃልስና: ብባርባራዊ መግዛእታዊ ፖሊሲታትን ተግባራትን ቍጠባውን ባህላውን ምዕባሌና ዓንዩ: ህዝብና ተበታቲኑን ዓቕምታቱ መኺኑን ንድሕሪት ምጉታቱ ሓደ ካብቲ ዘሕዝንን ዘተሓሳስብን ጉዳይ ኢዩ። መግዛእቲ ዘኸተሎ ዕንወት ጥራይ ከይኣክል: ደርቅን ካልእ ባህርያዊ ሓደጋታትን እውን ነቲ ሕሰም ኣጋዲድዎ ጸኒሑ ኢዩ። ነዚ ድርብ ማህሰይቲን ስንብራትን ንምሕዋይ ዝሕተት ጻዓትን ስራሕን ግዜን ብቐሊሉ ዝግመት'ኳ እንተዘይኮነ: ህ.ግ.ሓ.ኤ. ይወንዘፍ ክይበለን ክይተሓለለን ዕማም ዳግመ ህንጻ ምጅማር ከም ኣገዳሲ ተልእኾ ኣሚምዎ ኣሎ።



ብጸይ ኢሳያስ ኣፈወርቂ

- ተታሒዞም ዝጸንሑን መጻእትን ናይ ሕርሻ ልምዓት መደባት ምስፋሕን ምሕያልን
- ፋብሪካታትን ኢንዱስትሪታትን ብቑዓት ኮይኖም ፍርያምነቶም ኣድማዒ ክምዝኸውን ምግባር
- ጽርጊያታት ምጽጋን: ሓደሽቲ ምስራሕ: ዝርጋሐኦምን ብቕዓቶምን ምስፋሕ
- ናይ ምድርን ባሕርን ኣየርን መጎዓዝያታት ምምስራትን ምስፋሕን
- ናይ ውሽጥን ናይ ወጻእን ንግዳዊ ንጥፈታት ንምስፋሕ መሰረታውያን ሃለኽቲ ብዘተኣማምንን ብቕቡል ዋጋታትን ክምዝቐርቡ ምግባር
- ባህርያዊ ናይ መሬትን ባሕርን ሃብቲ ተመዝሚዙ ንራህዋን ምዕባለን ህዝቢ ክምዝውዕል ምግባር
- ናይ ማይን ኤለክትሪክን ኣገልግሎታት ብምዕሩይ ዝርጋሐን ብዘተኣማምን መንገዲን ክምዝቐርቡን ክምዝምዕብሉን ምግባር
- ድንቍርናን ድሕረትን ንምውጋድን ንስልጣኔ ሃገርን: ዓይነትን ደረጃ ትምህርትን ኣመሓይሽካ ኣብያተ ትምህርቲ ምኽፋትን ምዕሩይ ዝርጋሐን ዕድላትን ዝህብ ኣገልግሎት ምስፋሕ
- ኣገልግሎት ጥዕና ናብ ኩሉ ክምዝባጻሕን ክምዝምዕብልን





20 ሰነ፡ ናይ ፋሺስቲ መዓልቲ ሰነድ ገጽ 13 ናይ ሳግም፡ ቅጺ 3፡ ቁ 5፡ ሰነ-ሓምለ 1991።

ክምዝሰፍሕን ምግባር ካብቶም ቀንዲ ኢዮም።

ብዘይካ'ዞም ክብ ኢሎም ዝተዘርዘሩ ኩሉ ንመንነት ህዝቢ ኤርትራ ንምህሳስ ብሓይልታት መግዛእቲ ዝተኻየደ ፈተነታት ሓጺጺብካን ጸራሪግካን: ህዝቢ ኤርትራ ናቱ ሓራን ደሞክራሲያውን ትካላት ንምህናጽ ዘገልግሉ መሰረታት ምንጻፍ'ውን ሓደ ካብቶም ኣገዳስቲ ዕማማት ክኸውን ኢዩ።

## ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን

ኣቐዲመ ክምዝጠቐስኩዎ ኩሉ'ቲ ህ.ግ. ኣሚሙዎ ዘሎ ፈላሚ እዋናዊ ዕማማት ክቢድ ጻዕሪ: ክእለት: ንዋታዊን ገንዘባዊን ዓቕሚ ምስ ኣኻሊ ግዜ ዝሓትት ምዃኑ ርዱእ ኢዩ። ድልየትን ስራሕን ጽንዓትን እንተልዩ ግን ዘይከኣል ኣይኮነን። ኣብ ቅድሚ'ቲ ብታሪኽ ዘመስከረ ቆራጽን ጻዕረኛን ህዝቢ ኤርትራ: ነዞም እዋናውያን ብድሆታት ኣብ ምምካት ዘሎ ተስፋ ክኣ ላዕሊ ኢዩ። ኣብ ውሽጢ ሃገር ዘሎ ህዝቢ ነዚ ዕማም'ዚ ቅሩብ ክኸውን: ኣብ ወጻኢ ኣብ ስደት ዝጸንሐ ህዝቢ ናብ ሃገሩን ክብረቱን ተመሊሱ ኣብ ዳግመ ህንጻ ሃገሩ ብንጥፈት ክዋሳእ: ኣብ ውሽጥን ወጻእን ዝርከቡ ምሁራትን ኪኢላታትን ኣውራ: ጉቡኦምን እጃሞምን ክልዕሉ: ርኹባት ሃገራውያን ብሃብቶም ክሕግዙን ክሳተፉን ብኣጠቓላሊ ነብሲ ወከፍ ዜጋ ብዓቕሙ ከበርክትን ኣድማዒ ምትሕብባር ክርእን እዋናዊ ሃገራዊ ግቡኡ ኢዩ።

ህ.ግ.ሓ.ኤ.: ነዚ ብምግንዛብ: ነቲ ብኹናትን ደርቅን ተዳኺሙ ዘሎ ዓቕሚ ህዝብና ብቑዕን ኣፍራዩን ንምግባር ንጥፈታት ረድኤት ክበራትዕ: ኣብ ስደት ዝጸንሐ ህዝቢ ተመሊሱ ተጣይሱ ንቡር ሂወት ክምዝጅምርን ኣፍራይነቱ ክምዝዓብን ምግባር ኣብ መቕድም ዳግመ ህንጻዊ መደባቱ ሰሪዕዎ ኣሎ። ዓቕምን ተበግሶን ህዝቢ ኤርትራ መሰረታውን ወሳንን ይኹን እምበር: ንኹሉ ክማልእን ክዓምምን ድሩትነት ስለዘለዎ: ናይ ወጻኢ ኩሉ ጉድናዊ ደገፍን ተሳትፎን ክንዓቕ ዘይብሉ ረጃሒ ስለዝኾነ: ህ.ግ.ሓ.ኤ. ካብ ማሕበረ ሰብ ዓለም እቲ ዝከኣል ሓገዝ ንምርካብ ኩሉ እቲ ዘድሊ ጻዕሪ ከካይድ ኢዩ።

## ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን

ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝወረደ ኣደራዕ ብሓይልታት መግዛእቲ ጥራይ ኣይነበረን። ንሃገርምን ህዝቦምን ዝበደሉ ዜጋታት ክምዝነበሩ ዘይክሓድ ሓቂ ኢዩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ. ምስ ህዝቢ ኤርትራ ከካይድዎ ዝጸንሑ ቃልሲ ንፍትሒን ሓርነትን ዝተበገሰን እምበር ብቅርሕንትን ቂምን ዝተበከለ ኣይነበረን። እዚ ስለዝኾነ: ህ.ግ.ሓ.ኤ.ን ህዝቢ ኤርትራን ጸላእቶም ስዒሮም ሓርነቶም ኣብ ዝጨበጡሉ እዋን ንዝኣበሱ ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን ይቕረ ክብሉ ባህርያውን ሕልናውን ኢዩ። ክብዚ መንፈስ'ዚ ብምብጋስ: ህ.ግ.ሓ.ኤ. ብዘይካ እቶም ኣዝዮም ውሑዳት ክቢድ ገበን ዝፈጸሙን ሃብቲ ህዝቢ ዝሰረቑን ዘጠፋፍኡን ኣብ ቅድሚ ሕጊ ዝቐርቡ: ኩሎም እቶም ብዝተፈላለየ ምኽንያታት ብስም ውድባት ተጋጊዮምን ተደናጊሮምን ዝጸንሑ ዜጋታት ብዘይ ገለ ስክፍታ ናብ ዳግመ ህንጻ ሃገሮም ክሳተፉ ክጽውዕ ሓላፍነቱ ኢዩ። ዳግም ናይ ውድባት ሓሸውየ ክምዘየለን ንህዝቢ ብቕሉዕ ይኹን ጉልባብ ናይ ምክፍፋል ስልትታት ምጥቃስ ክቢድ ገበን ክምዝቑጸር ግን ክዝንጋዕ ኣይግባእን። ብተመሳሳሊ: ብዘይካ'ቶም ብቕትለትን ስርቅን ምጥፍፋእን ኣብ ቅድሚ ፍትሒ ተሓተትቲ ዝኾኑ: ኩሎም እቶም ብጥልመት ምስ መግዛእቲ ብዝተፈላለየ መንገዲ ክተሓባበሩ ዝጸንሑ ዜጋታት ይቕረ ተባሂሉሎም ናብ ሃገራዊ ሂወት ተመሊሶም ክሳተፉ ኩሉ መዓጹ ተራሕዩሎም ኣሎ። ንዝናስሑ ምፍኳስ መቕጻዕቲ ክግመተሎም ክምዝኽእል'ውን ክርሳዕ ኣይግባእን።

## ዝኸበርኩምን ዝኸበርክንን

ብጠንቂ መግዛእታውያን መስፋሕፋሕትን ስርዓታት ኢትዮጵያ ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ተተኺሉ ዝጸንሐ ደምን ጽልእን መሪር እኳ እንተኾነ: ብስዕረትን ውድቀትን ናይቶም ስርዓታት እቲ ጽልእን ምረትን ኣብቂዑ ኢዩ። ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ኢትዮጵያን ጽልኢ የለን። ኣብ መንጎ ጊዜያዊ መንግስቲ ኤርትራን መሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያን ጽልኢ ኣይክህሉን ኢዩ። ህ.ግ.ሓ.ኤ.: ኣብዚ መሰጋገሪ እዋን: ምስ ህዝቢ ኢትዮጵያን ናይ መሰጋገሪ መንግስቱን ናይ ጽቡቕ ጉርብትናን ሰላምን ኩሉ መዳያዊ ምትሕግጋዝን ዝምድናን ንምምዕባል'ዩ ክሰርሕ። ሰላም: ራህዋን ምዕባለን ህዝቢ ኢትዮጵያ ሰናይ ድሌት ህዝቢ ኤርትራ ስለዝኾነ: ወደብ ዓሰብ ንቍጠባዊ ሂወትን ምንቅስቓስን ኢትዮጵያ ክፉት ክኸውን ኢዩ። ኣብ ዝተፈላለዩ ንሓባራዊ ረብሓ ዘገልግሉ ቍጠባዊ ሜዳታት ሰፊሕ ምትሕግጋዝ ኪህሉ ኢዩ። ንሓባራዊ ጸጥታ ንምትሕብባር ክድፋኣሉ ኢዩ። ናይ ስኒትን ምትሕግጋዝን መንፈስ ሓቢርካ ንምኽስኳሱ እውን ክዝንጋዕ ዘይግብኦ ዕማም ኢዩ። ነዞም ዕላማታት'ዚኦም መበገሲ ድፍኢት ንምሃብ ከኣ ህ.ግ.ሓ.ኤ. ኣብቲ ንባሕቲ ሓምለ ተወሲኑ ዘሎ ዋዕላ ክሳተፍ ኢዩ።

ግዜያዊ መንግስቲ ኤርትራ: ምስ ኩሎም ጐረባብቲ: ኣብ ሰናይ ጉርብትናን ሓድሕድ ምክብባርን ናይ ሓባር ረብሓታትን ዝተሞርከሰ ዝምድና ንምምስራትን ንምትሕብባርን ዝግባእ ጻዕሪ ከካይድ ኢዩ። ኣውራ ምስ ሱዳን: ነቲ ዝጸንሐ ታሪኻዊ መዘና ዘይብሉ ሰብኣዊ እንግዶትን ምትሕግጋዝን ብክብ ዝበለ ደረጃ ንምሕያል: ኣብ ዝተፈላለዩ ናይ ሓባር ረብሓ ሜዳታት ሰፊሕ ምትሕግጋዝ ክገብር ኢዩ። ማሕበረ-ሰብ ዓለም: ንሓርነት ህዝቢ ኤርትራ ባራኺ: ካሕሳ ጸምኡ ክፈሉ: ኣብ ዳግመ ህንጻ ሃገርና እጃሙ ከበርክት ዘለኒ ተስፋ እናኣረጋገጽኩ ኽኣ ንህዝቢ ኤርትራ ደጊመ እንቋዕ ደስ በለካ እብል።

ነባሪ ዝኽሪን ክብርን ንስዉኣትና

ዓወት ንሓፋሽ

## ናይ ደገፍ ቃል

ድሕሪ ቃል ውድብ፡ ልኡኽ መንግስቲ ሱዳን: ሓው ዓብደልርሒም ሑሴን: ብስም መንግስቲ ሱዳን ቃል ኣስሚዑ። ኣብቲ ዘረብኡ: ኣብ መንጎ ህዝቢ ኤርትራን ሱዳንን ዘሎ ዝምድና ዓሚቝን ታሪኻውን ምዃኑ ኣረጋጊጹ። «ንሕና ህዝቢ ሱዳን» ይብል ዓብደልርሒም «ኣብ ጉድኒ እዚ ዓቢ ህዝቢ'ዚ ደው ክንብል ክለና ኣብ ጉድኒ ገዛእ-ርእስና ደው ንብል ከምዘለና ንኣምን ኢና። ዶብ ሱዳን ን30 ዓመት ንህዝቢ ኤርትራ ክፉት ጸኒሑ: ሕጂ'ውን ኣብ ናይ ህንጻን ልምዓትን ስራሓት ምስዚ ዓቢ ህዝቢ'ዚ ደው ንኽንብልን ዝከኣለና ንክነማቕልን ንሕበን ኢና። ምኽንያቱ ናይ ሓባር ታሪኽን ዕድልን: ናይ ሓባር ባህልን ልምድን ናይ ሓባር ዕላማን ስለዘለና። ክምኡ'ውን ጸጥታ'ዚ ዞባ እዝን ጸጥታን ርግኣትን ቀርኒ ኣፍሪቃን ኣብ ጸጥታን ቅሳነትን ሓራ ኤርትራ ስለዝረጋገጽ።»

ብድሕሪ'ዚ ኡስታዝ ያሲን ዑመር ኣል ኢማም ብስም ህዝቢ ሱዳን ቃል ኣስሚዑ። ኣብቲ ዘረብኡ። በቲ ዝተመዝገበ ዓወት ንህዝቢ ኤርትራ እንቋዕ ሓጐሰካ ኢሉ። ክምኡ'ውን ህዝቢ ሱዳን ንሃገራዊ ሓርነታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ክምዝደግፍን ሰውራ ኤርትራ ካብ ዝጅመር ኣትሒዙ ኣብ ጉድኑ ደው ክምዝበለን ኣረጋጊጹ። ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ቅሳነት ንምምጻእ ክኣ ህዝቢ ኤርትራን ህዝቢ ሱዳንን ናይ ሓባር ተልእኾ ኣለዎም ኢሉ።

ቀጺሉ ልኡኽ መሰጋገሪ መንግስቲ ኢትዮጵያን ኢ.ህ.ወ.ደ.ግ.ን ብጻይ ስብሓት ነጋ ንህዝቢ ኤርትራ ዮሃና ብምባል ክም ኢትዮጵያዊ ኣብዚ ዝኸሪ ስዉኣት ምክፋሉ ክምዘሐብና ገሊጹ። ክምኡ'ውን ኣብ መንጎ ህዝቢ ኢትዮጵያን ህዝቢ ኤርትራን ዘሎ ናይ ቃልስን ምሕዝነትን ዝምድና ኣመጒሱ። ♣



20 ሰነ፡ ናይ ፋሺስቲ መዓልቲ ሰነድ ገጽ 14 ናይ ሳግም። ናይ ኢሳያስ፡ "ዳግም ናይ ውድባት ሓሸውየ የለን"።





<u>20 ሰነ፡ ናይ ፋሺስቲ መዓልቲ</u> ካብ ጁን 1-18፡ 1991፡ ሽም ዝሰኣነ ንህቢ ኣብ ኣስመራ። ሽም ንህቢ ኣብ 19 ተቐልቐለ።

# 20 ሰነ፡ ናይ ፋሺስቲ መዓልቲ፡ ንዘልኣለም ተዘኪራ ክትነብር ኢያ።

[Com Links](#)
**Haile Menegesha Okbe**
**Toronto, Canada**

**Phone: (416)-858-9305**
**Email: haileokbe@yahoo.com**
**FB: Haile Menegesha Okbe**
**What's App: Haile Menegesha Okbe**

---

**20 SENE FASCIST DAY**

**May 29-30, 1991, Peace Conference of London, Great Britain, American diplomat Herman Cohen, Meles Zenawi of EPRDF, Lencho Letta of OLF and Isayas Afewerki of EPLF attended the Peace Conference.**

**Sinister Isayas hatched conspiracy with Lencho to shoot down Meles's championship to 4 Kilo. The bright Cohen fully realized why the sinister Isayas brought Lencho the Oromo to the Peace Conference and ignored the presence of Lencho in the Conference. He highly praised Meles and approved Meles as the championship to 4 Kilo.**

**Isayas was pissed off after Cohen awarded Meles the champion of 4 Kilo. The triumphant Meles returned to Tigray without delay on May 31 while Isayas was idling abroad until his brand new bodyguards are ready for their job.**

**Isayas was absent from the scene in Eritrea from June 1 to June 19 because his new bodyguards were not ready for job.**

**June 19, 1991 Isayas unofficially showed up in Asmara.**

**June 20, 1991 Isayas for the first time since the liberation of Eritrea on May 24, 1991 showed up officially in Asmara and made public his "Declaration of 20 SENE".**

**Declaration 20 SENE, known as 20 SENE Fascist Day, officially stated "Dagem Nay Wedbat Hashewye Yelen::" and outlawed all ELF and its affiliated organizations as bandit elements and asserted all of its members as criminals who are subject to imprisonment.**